ዝኸበርኩም ወለዲ

ናይ ቆልዓኹም ናይ ቋንቋ ብቕዓት ምምዛን ግዝይኡ ስለዝበጽሐ በዛ ደብዳቤ ንሕብር ኣለና። ቆልዓኹም ብናይ ቋንቋ ምምዕባል ብዝምልከት እቲ ኣድላዪ ደገፋት ንኽግበረሉ ምሉእ ዋሕስነቱ ዘረጋግጸሉ፣ ናይ ቋንቋ ብቕዓት መምዘኒ እዩ።

ውጽኢት መምዘኒ ብቕዓት ቋንቋ፣ ቆልዓኻ ተወሳኺ ሓገዛት ክግበረሉ ከምዘለዎ እንተ ኣመላኺቱ፣ ነቲ ንመጻኢ ብምትሕብባር ክስራሕ ዘለዎ ተወሳኺ ደገፋት ናይ ኣፈጻጽምኡ መደባት ንምውጻእ፣ ምሳኹም ርክብ ክንገብር ኢና።

**ትሕዝቶ ናይ ቋንቋ ብቕዓት መምዘኒ ብሓጺሩ**
ናይ ቋንቋ ብቕዓት መምዘኒ፣ ናይ መዋእለህጻናት መማሃራንን መራሕትን፣ ነፍሰወከፍ ቆልዓ ኣብ “ ዳውቲልቡድ ” ይኹን ኣብ ቤት ትምህርቲ፣ ናይ ቋንቋ ምዕባልኡ ንምሕያል ዝጥቀሙሉ መሳርሒ ወይ ድማ መጋበርያ እዩ።
ናይ ቋንቋ ብቕዓት መምዘኒ ብቐንብር ስእልታትን ዝምላእ ፎርምን/ሰነድን ዝቕመ እዩ።
ቆልዓ ንስእሊ ብቃላት ይገልጽ፣ ናይ መዋእለህጻናት መምህር ወይ ድማ መራሒ ከኣ ብወገኑ እቲ ቆልዓ ዝበሎ ኣብ ሰነድ የስፍር።

ብዙሕ ግዜ ሰላም

መዋእለህጻናት